ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር الجبهة الوطنية الإرترية المتحدة

Eritrean United National Front

# መግለጺ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ) ብምኽንያት ግምቦት 24 መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ፡

ልክዕ ከም'ዚ ሎሚ ቅድሚ 33 ዓመት ኣብ ግንቦት 24 1991 ህዝቢ-ኤርትራ ኣንጻር ተበራረይቲ ባዕዳውያን ሓይልታት ዘካየዶ ናይ ወለዶታት ቃልሲ ንነጻነትን፡ ሃገራዊ ልዑላውነትን፡ ብዓወት ተዛዚሙ ። ነዛ ዕለት እዚኣ ብክብሪ ክነብዕላ እንከሎና፡ ኣቐዲሙ ኣብ ኣእሙሮና ዝመጽእ፡ እቲ ናብ'ዛ ዕለት እዚኣ ንምብጻሕ ምእንቲ ህዝቦምን መሬቶምን ክብሉ፡ መተካእታ ዘይብላ ክብርቲ ሂወቶም ዝወፈዩ ጀጋኑ ሰማእታትናን፡ ኣካላቶም ቀቢሮም ዝኣተዉ ስንኩላንናን እዮም ። ብመስዋእቶምን፡ ስንክልንኦምን፡ ዝተሰርሐ ታሪኽን እንዳዘከርና፡ እንሓዝነሉን ነስተንትነሉን ዕለት ጥራይ ኣይኮነትን፤ ብርግጽ እቲ ዝተኸፍለ ዋጋ፡ ነጻነት ምርግጋጽ ጥራሕ ኣይነበረን፡ ሕቶ ሰላም፤ ፍትሒ፡ ዲሞክራሲ፡ ልኣላውነትን ዘላቂ ምዕባለን ንምርግጋጽ’ውን ኢዩ ነይሩ ፡ ይኹን እምበር፡ ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ብሓይሊ ብረት ስልጣን ስለ ዝበሓተ ተኾሊፉ ። ስለዚ እቶም ብሂወት ዝኣተና ነዛ ክብርቲ ዕለት ክነኽብር እንከለና፡ ነቲ ብሰንኪ በሓቲ ስርዓት ህግሓኤ/ህግደፍ ዝተኾልፈ፡ ሕቶ ሰላም፡ ፍትሒ፡ ዲሞክራስን ዘላቂ ምዕባለን መሊእና ንምምላስ፡ መብጽዓና ደጊምና እነሕድሰላ ናይ ቃልስን ዓወትን መዓልቲ ኢያ ።

ስርዓት ህግደፍ ካብ'ታ ብሓይሊ ብረት ፖለቲካዊ ስልጣን ዝዓተረላ መዓልቲ ኣትሒዙ፡ ንኹሉ ኣብ ታሪኽ ዕጥቃዊ ቃልስና ዝተኸሰቱ ፍልልያት፡ ብሰላማዊ ኣገባብ ዝፍትሑሉ መንገዲ ረጊጡ ብምሓዝ፡ ናይ ሓይሊ ኣማራጺ ጥራይ ኢዩ ኣተኣታትዩ ። ህዝብና ድማ፡ ንልዕሊ 30 ዓመታት ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም፡ ብዘይ ምርጫ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ብሒቱ ብዝሓዘ ውልቀ መላኺ ክግዛእ ጸኒሑ ኣሎ ። ኩሉ ንስልጣኑ ኣብ ሕቶ ዘእተወ በዓል ስልጣን ይኹን ተራ፡ ጋዜጠኛ፡ ንጹሃት ዜጋታት ብዘይ ፍትሕን፡ ሓታትን ኣብ ቤት ማእሰርቲ፡ ጎዳጉድን ኮንተይነራትን ይሳቀዩ ኣለዉ ። መንእሰያትና መጻኢኦም ጸልሚቱ፡ ብግዱድ ዕስክርና፡ ምስ ሃገራዊ ማእቶት ዝኾነ ምትእስሳር ዘይብሉ ኣህላኺ ናይ ጉልበት ስራሕ ድከቶም ክሰትዩ ጸኒሖምን ኣለዉን ። ቁጠባ ሃገር ባይታ ዘቢጡ፡ ዜጋታት በተኽ ኮይኖም፡ እቲ ኣሎ ዝብሃል ቁጠባ ሃገር ብመንግስቲ ህግደፍ ተባሒቱ፡ መነባብሮ ህዝብና ካብ እዋን ናብ እዋን እንዳኣንቆልቆለ፡ ዓዶም እሾኽ ኮይናቶም፡ ብብዝሒ ይስደዱ ኣለዉ ። ኣብ ስደቶም ኣደዳ መሰጋገርቲ ሰብ፡ መሓውራት ጸጥታን ደሕንነትን ሰርዓት ህግደፍን፡ ናይ ውሽጥን፡ ወጻእን ተሓባበርቶምን ይኾኑ ኣለዉ ።

እዚ ሕሱም ወጽዓ’ዚ ዝወለዶ ኣብ ውሽጥን ደገን ተቓውሞታት ከም ዝውለድ ዝፈልጥ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ብሓይልን ብብዝሒ ጸጥታን፡ ዜጋታት ነንሕድሕዶም ከም ዘይተኣማመኑ ብምግባር፡ እቲ ኣብ ርሑቅ ስደት ዝነብር ድማ፡ ኩሉ ናይ ጸለመ ፕሮፓጋንዳ፡ ብሃይማኖት፡ ብሄር፡ ኣውራጃን ዓሌትን እንዳፈላለየ ከዳኽሞ፡ ወይ’ውን ኣብ ውሽጡ ብምእታው፡ እንተኺኢሉ መሪሑ እንተዘይክኢሉ ድማ ሰሊኹ ብምእታው፡ ናብ ዓውዲ ግርጭት ብምሽማም፡ ከፍሽሎ ኩሉ ዝከኣሎ እከይ ተግባራት ክገብር ጸኒሑን ኣሎን ።

እንሆ ሎሚ’ውን ንመበል 33 ዓመት መዓልቲ ነጻነት ንምኽባር ተዓጢቕ ተኣንጎድ ይብሃል ኣሎ ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ትማሊኡ ንሰላም፡ ፍትሒ፡ ምዕባለ ብሃንቀውታ ክጽበ እንከሎ፡ ብኣንጻሩ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ግን፡ ነቲ ዓለማውን ዞባውን ኩነታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ከባቢናን ሃገርናን ተኸሲቱ ዘሎ ብጣዕሚ ፍሉይን ተኣፋፊን ኩነታት ድማ ብፍላይ፡ መዝሚዙ፡ ብኲናትን ወራርን፡ ዞባና ናይ ምሕማስ ኣጀንድኡ ክውን ንምግባር፡ ላዕልን ታሕትን ኣብ ዝብለሉ ዘሎ፡ ብጣዕሚ ሓደገኛ ዝኾነ ኩነታት ኴና ኢና ነብዕላ ዘሎና ።

ከም'ቲ ኩሉና እንዝክሮ፡ እቲ ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ምስ መላፍንቱ፡ ንካልኣይ እዋን ዝወልዑዎ፡ ናይ ምጽናት ኣጀንዳ ዝሓዘ ወራር፡ ብተረር መኸተ ህዝቢ ትግራይ፡ ክውን ኣይኮነን ። ኣብ ሞንጎ ከኣ ውዕል ፕሪቶርያ ተፈሪሙ ። እዚ ኣወዳድኣ'ዚ ንገባቲ ስርዓት ህግደፍ ቅሳነት ዝኸልአ፡ ከምኡ’ውን ምስ'ቲ ኣብ ከባቢና ተፈጢሩ ዘሎ ተኣፋፊ ኩነታት፡ ሻቅሎት ክሓድሮን ከዕለብጥን ዝገብሮ ዘሎ ኢዩ ። በዚ ምኽንያት፡ ንናይ ምዕራብ ሃገራት ብሓፈሻ፡ ኣሜሪካ ድማ ብፍላይ፡ ንስርዓት ወያነ ንምድሓን ይሰርሓ ከም ዘለዋ፡ ዝገብርኦ ዘለዋ ምትእትታው ንምዕባለ ሃገርና ከም ዝዓገተን፡ ባህግታቱ ከም ዝተኾልፈ ዝገልጽ ዘሎ ። እዚ ጥራሕ’ውን ኣይኮነን፡ ነቲ ብሰንኪ ሕመቚን ገባቲ ምሕደርኡን፡ ጠፊኡ ዘሎ ሰላምን ፍትሕን፡ ብሰንኪ ጸረ-ህዝብን ጸረ ደሞክራሲን ፖሊሲኡ ወዲቑ ዘሎ ቁጠባ ሃገርናን፡ ህግደፍ ከም ስርዓት፡ ዘተኣታተዎ ማሕበራዊ ብልሽውና፡ ተሳኢኑ ዘሎ ፍትሒ፡ ብሰንኪ ምትእትታው ናይ ምዕራብ ሃገራት ከምዝተፈጥረ ከእምን፡ ብሁልን ዘይብሁልን ካብ ሓቂ ዝረሓቀ፡ መርትዖታት ዘይብሎም ፕሮፖጋንዳ ብምፍብራኽ፡ ከም ልማዱ ህዝብና ንምድንጋር ይሃልኽ ኣሎ ። ሚሒር ዘገርም ድማ፡ ድሕሪ’ዚ ኩሉ፡ ናይ ሰብን ንብረትን ዕንወትን ብርሰትን፡ ሕጂ ያኢ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ስርዓቱን መሲሕ ኮይኑ፡ ሕውየት ከም ዘምጽእ ዝዝረብ ዘረባ፡ ዝካየድ ዘሎ ፕሮፖጋንዳን ዘስደምም ምዃኑ ኢዩ ። ህዝቢ ኤርትራ ናይ’ዚ ጠላም ገባቲ ስርዓት ህግደፍ፡ ሻሕጣይ ዝኾነ ኣካይድኡ፡ ንዓመታት ዘድከሞ ፡ ንኹሎም ዝኣተወሎም መብጽዓታት ዝጠለመ፡ ትንኣስ ትዕበ ዝኾነ ሕቶ ህዝቢ መሊሱ ዘይፈልጥ ከዳዕ፡ ቁጠባ ሃገር መሬት ዘቢጡ፡ ህዝብና በተኽ ኮይኑ፡ ተጸባዪ ረድኤት ዝኾነሉ ኩነታት ዝፈጠረ እዩ ። ውልቀ መላኺ ኢሳያስ- ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘውረዶም ኩሉ መዳያዊ ሽግራት ብሰንኪ ናይ ግዳም ኢድ ኣእታውነት ከም ዝተፈጠሩን፡ ንምፍትሖም ተጻጊሙ ከም ዝጸንሐን ዘሎን፡ ዝዝርግሖ ዘሎ ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ፡ ኣቓልቦ ህዝብና ንምስሓብን፡ ኣዲሙ ዝጸንሐ ስሚዒታት ህዝብና ንምትህድዳእ ዝግበር ዘሎ፡ ኮሎ ጋና ፍሹል ፈተነ ኢዩ ። ሕሉፍ ሓሊፍዎ ድማ፡ ሕንኽ ከይበለ ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ ሰላሳ ዓመታት ኮነ ኢሉ ከዕንዎ ዝጸንሐ ቁጠባ ሃገርና፡ ዝበተኖ ማሕበራዊ መሰረትና፡ ዝዘረጎ ፍትሒ፡ ወይ ፍትሒ ኣልቦ ዝገበራ ሃገር፡ ሕጂ ኣብ ኣፋን ዕርበታን ያኢ፡ መድሕን ኮይኑ ንህንጻት ቁጠባ ሃገር፡ ፍትሒ፡ ምውሓስ ልዑላውነትን ነጻነትን ክሰርሕ፡ ኩሉ ዝክኣሎ ይገብር ከም ዘሎ ከእምን፡ ፋሕጠርጠር ክብል ክረአ እንከሎ ዘደንጹ እዩ ። እዚ ድማ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ-ህግደፍ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ኣማዕቢሉዎ ዘሎ ክቱር ንዕቀት ዘረጋግጽ እዩ ። በዚ መታለሊ ኣካይድኡ'ዚ፡ ገለ ግሩሃትን፡ ሰብ ረብሓን ዝተወሰነ ደገፍ ኣይረኸበን ክብሃል ግን ኣይከኣልን ። በዓል መን ኢዮም ኢልካ ምስ እትሓትት፡ ገለ ናቱ ሃሱሳት ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ተጸፍዮም ዝጸንሑ፡ ገለ ድማ ምስ'ቲ ተኸሲቱ ዘሎ ዓለማውን ከባቢያውን ምቅይያራት፡ ናይ ሓይልታት ዝምድናን፡ ብባህርያቶም ካብ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ዘይፍለዩ፡ ከምኡ ከም ህግደፍ፡ ጉዳይ ስልጣኖምን ውልቃዊ ረብሓምን ማእከሎም ዝገብሩ ልኡኻት ናይ ግዳም ሓይልታት፡ ሕቶ ህዝቢ ዘይግዳዶምን ኮይኖም ትረኽበም ።

ሕጂ’ውን ከም ትማሊ ዓበይቲ ጸገማት ህዝብና ተዓፊኖም ኢዮም ጸኒሖምን ዘለዉን ። እዚ ኢልካ ጥራይ ዝሕለፍ’ውን ኣይኮነን፡ ምኽንያቱ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወርድ ዘሎ ወጽዓ፡ ንህላወኡን ቀጻልነቱን ኣብ ሓደጋ ዘእተወ ናይ ብርሰትን ምብትታንን ሓደጋ ዝሓዘለ ኢዩ ። እዚ ስዉር ትልምታቱ ዘይሰመረሉ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ፡ በብእዋኑ ዝለዓሉ ዘለዉ ህዝባዊ ሕቶታትን ናዕብታትን፡ ኣብ ከቢድ ራዕዲ ወዲቑ ኣሎ ። ነዚ ንምብርዓን፡ ዝተፈላለዩ ስልቲታት ኣብ ምድላይን ምፍብራኽን ይርከብ ። ገለ ካብኡ ነቲ ዓለማውን ዞባውን ክውንነት ዝፈጠሮ ዕድል ተጠቒሙ፡ ኣነ ኣለኹልኩም ተላኣኺ ዝብል ብሓደ ወገን፡ በቲ ካልእ ድማ፡ ውዕል ፕሪቶርያ ዕድመ ስልጣኑ ዘሕጽር ስምምዕ ምዃኑ ዝተረድአ ውልቀ መላኺ ኢሳይስን ስርዓቱን፡ ኣቓልቦ ህዝብና ናብ ናይ ግዳም ሓይልታት ብምቕናዕ፡ ንኹናት ይሸባሸብ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ጎረባብትና ሃገራት ብምእታው ሰላም ምዝራግ፡ ከም ዋኒን ዝሓዘ ኢዩ ። መበገሲኡ ድማ እዚ

ልዕል ኢልና እንዳ ገለጽናዮ ዝመጻና ኢዩ ። ይኹን እምበር ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝርከብ ህዝብና፡ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳያስ ዝእውጆ ናይ ኲናት ነጋሪት፡ ዘይ ዕግበቱን ተቓውሞኡን ብዝተፈላለዩ መንገዲታት ከንጸባርቕ ይርአ ኣሎ ። ኣብ ርሑቕ ስደት (ዲያስፖራ) ዝርከቡ ወገናትናን፡ ደለይቲ ለውጢ ዝኾኑ ግዳያት ስርዓት ህግደፍ መንእሰያትና ብርጌድ ንሓመዱ፡ ናይ ቃልስን መኸተን ምንቅስቓሳቶም እንዳ ሰፍሐን፡ ዓቕሚ ውደባታቶም ንምሕያል ብዝለዓለ ናህሪ ክንቀሳቀሱን ይርኣዩ ኣለዉ ።

ከም'ዚ ልዕል ኢልና እንዳገለጽናዮ ዝመጻእናን ኣብ ካልእ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ክንብሎ ዝጸናሕናን፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ስርዓቱን፡ እቲ ዓመት መጸ ክሳብ ሕጂ ዝተመባጽዕዎ ምጥላሞም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሰፍ ዘይብል ገበን፡ ሕሱም መወዳድርቲ ኣልቦ ጭቆና እንዳ ፈጸመ ኢዩ መጺኡን ዝቕጽል ዘሎን ። እዚ፡ ዝኾነ ሕቶ ህዝቢ ክምልስ ዘይክእል ገባቲ/በሓቲ ስርዓት፡ መወዳእትኡ ንጥፍኣቱ ምኳኑ የዕርዩ ይፈልጥ ኢዩ ። ስለዝኾነ፡ ነዚ ሒዝዎ ወይ እንዳገበሮ ዝመጸ፡ ብዝሓሰመ ካብ ምቕጻል ወጻኢ ካልእ ክገብር ዓቕሚ ይኹን ስነ-ምግባሩ ኣየፍቅደሉን/ ኣይክእልን ድማ ። ስለዝኾነ እዚ ሕጂ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ዝገብሮ ፋሕጠርጠር ይኹን፡ ዳግም ሂወት ንምዝራእ ዝገብሮ ፈተነ ዕድል ክወሃቦ የብሉን ። ከም ኩሎም ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለምና፡ ብህዝባዊ ዓመጽ ዝተጓሕፉ ሕሱማት ጨቆንቲ፡ ንኢሳያስን ጉጅልኡን ድማ፡ እዚ እቲ ዘይተርፍ ዕጭኦም እዩ ። ስለዚ ኩሎም ደለይቲ ፍትሒ/ለውጢ፡ ህዝቢ ኤርትራ፣ ፖለቲካዊ ሓይልታት፣ ስቪክ ማሕበራትን ምንቅስቓሳትን፡ ኣገደስቲ ኣካላትን፡ እዚ ፋሕ ኢሉ ዝጸንሐ ዓቕምታቶም ኣብ ሓደ ብምእካብ፡ ተዘሪጉ ዘሎ ፖለቲካ ኤርትራ ብምዕራይ፡ ናይ'ቲ ኣቐዲሙ ክካየድ ዝጸንሐ ቃልሲ መቐጸልታ ዝኾነ ህዝባዊ ናዕቢ ብርጌድ ንሓመዱ/ምንቅስቓስ መንእሰያት ኣብ ናይ መወዳእታ ሸቶኡ ክበጽሕ፡ ዝለዓለ ምርብራብ ክገብሩ ይግባእ ። ኣብ ዝኽሪ ናይ ቃልስን ዓወትን በዓል ናጽነትና ግንቦት 24 ኼና፡ ካብ ምክልኻል ናብ ናይ መወዳእታን ዘዛሚ ስትራተጂካዊ መጥቃዕቲ ንምስግጋር፡ ዝሓለፍናዮ መድረኻት ቃልሲ ብጉቡእ ገምጊምና፡ ካብኡ ንምምሃር ዕቱብ ዘተን ምምኽኻርን እነካይደላ ዕለት ክትከውን ይህልዋ ። ኣብ'ዛ ክብርቲ ዕለት እዚኣ ኼና፡ ነቶም ኣካልና ዝኾኑ ጭቑናት ግን ድማ ንገባቲ ስርዓት ህግደፍ ከገልግሉ ዝጸንሑን ዘለዉን፡ እከይ ተግባራቱን መምርሒታቱን ዘተግብሩ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን መሓውራት ጸጥታን ፖሊስን ስርዓት ኢሳያስ፡ ከምኡ'ውን እዞም ሕጂ ብራብዓይ ብርጌድ ዝፍለጡ፡ ንረብሓታት ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ንምክልኻል ኣብ ዲያስፖራ ዝወዳደቡ ዘለዉ፡ እቲ ዘይተርፍ ደወል ህዝባዊ ዓመጽ ህዝቢ ኤርትራ ይበጋገስ ከምዘሎ ተረዲኦም፡ ኣብ ጎድኒ ውጹዕ ህዝቦም ተሰሊፎም፡ ነዚ ምልካዊ/ገባቲ ጸረ-ህዝቢ፡ ጸረ-ዲሞክራሲ፡ ጸረ ሰላምን ጸረ ፍትሕን ጉጅለ ንምውጋድ፡ ሃገራውን ህዝባውን ሓላፍነቶም ክፍጽሙ መጸዋዕታና ነመሓላልፈላ ክብርቲ ዕለት ኢያ ።

ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ) ኣብ ሰፊሕ ጽላል ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ (ፖሓኤ) ተጠርኒፉ፡ ምስ ኩሎም ደለይቲ ለውጢ ፖለቲካዊ ሓይልታት ሃገርና ተወሃሂዱ ንውልቀ መላኺ ኢሳያስ ህግደፍ ንምውጋድ፡ ኣብ ዝካየድ ወሳኒ ናይ ቃልሲ ምትሕንናቕ፡ ካብኡ ዝድለ ኩሉ ሓላፍነቱ ክፍጽም ድሉው ምኳኑ ብኣጋጣሚ'ዛ ናይ ቃልስን ዓወትን ዝኾነት ክብርቲ ዕለት ናጽነትና፡ ጉንበት 24 ደጊሙ የረጋግጽ ።

**ግንቦት 24 መዓልቲ ነጻነትና ደሚቓ ትንበር!!**

**ድሕነትና ብስሙር ቃልስና!!**

**ዝኽርን ሞጎስን ንጀጋኑ ስዉኣትና!!**

**ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ)**

**ግንቦት 24-2024**